## ናብ ኮሙናዊ ቤተ-ንባብ ናካ እንኳዕ ብደሓን መጻእኩም!

ኣብዚ ቤተ-ንባብዚ፣ ብቛንቛ ሽወደንን ብኻልእ ቋንቋታትን ዝተጻሕፉ መጻሕፍቲ ኣለዉ። ብመልክዕ ካሴት ዝተዳለወ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ፣ መጽሔታት፣ ዕለታዊ ጋዜጣታት ወዘተውን ይርከቦ እዩ። ኩሉ ኣብ ናካ ኮሙን ዘሎና ኣብያተ-ንባብ ድማ፣ መራኽቢ ኢንተርነት ዘሎዎ እዩ።

ናይ መለቅሒ ወረቐት ክተውጽእ የድልየካ እዩ። መለቅሒ ወረቐት ንኽትረክብ፣ ናይ መንነት ወረቐት ሒዝካ ምጻእ። እቲ መለቅሒ ወረቐት ብነጻ ኮይኑ ኣብ ኩሉ ናይ ናካ ኣብያተ-ንባብ ዘገልግል እዩ።

ነፍሲ ወከፍ ሰብ፣ ናይቲ መለቅሒ ወረቐትን ናይቲ ዝልቃሖ ንብረትን ግላዊ ሓላፍነት ኣለዎ። መለቅሒ ወረቐትካ እንተ ጠፊኤ፣ ክተፍልጠና የድልየካ። መጻሕፍቲ ምልቃሕ ብነጻ እዩ። እቲ መዓልቱ ኣሕሊፉ ዝምለስ መጻሕፍቲ ግን ገንዘብ የኽፍል እዩ። እቲ ዕዳኻ ክሳዕ 250 ክሮናር ዝበጽሕ እንተ ዓበየ፣ ንምልቃሕ ትኽልከል። ንዘጥፋእካዮ መጻሕፍቲ ክትከፍሎ ትግደድ ኢኻ።

ዝተለቃሕካዮ መጻሕፍቲ ኣበየናይ መዓልቲ ከምእትመልሶ፣ ኣብቲ ናይ መለቅሒ ቅብሊት ተጻሒፉ ይርከብ። ዝተለቃሕካዮ መጻሕፍቲ ክሳዕ ክልተ ግዜ ክተናውሖ ይፍቀደልካ እዩ። እቲ መጽሓፍ ሒዝካዮ ናብ ቤተ-ንባብ ብምምጻእ፣ ወይ ብምድዋል ወይ ድማ በዚ ዘስዕብ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ኣቢልካ (www.nacka.se) ልቓሕካ ክተናውሕ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ናካ ዘይርከብ መጻሕፍቲ፣ ካብ ካልእ ኣብያተ-ንባብ ትእዝዙ ክልቅሓልካ ስለ ዝኽእል፣ ሓገዝ ምስ ትደሊ፣ ሰራሕተኛታት ቤተ-ንባብ ክተሓባበሩኻ ይኽእሉ እዮም።